# ጆግል (Gonoré)

ጆግል ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማም ኮይኑ እቲ ሕማም ብምኽንያት ጾታዊ ርክብ ኣብ መንጎ ጾታዊ ብልዕትታትን ወይ ጾታዊ ብልዕትን ከምኡውን ኣብ ኣፍ ወይ ኣብ መሃንቱስ ዝርከብ ልፋጫዊ ሽፋናትን ብዝፍጸም ርኽክባት ይመሓላለፍ። እቲ ረኽሲ ኣዝዩ ተመሓላላፉይ እዩ፤ እዚ ኸኣ ብምኽንያት ሓደ ካብቶም'ጎኖኮክን'ዝተባህለ ባክተሪያ እዩ። ጎኖኮክን ዝበሃሉ ባክተሪያ ኣብቲ ልፋጫዊ ሽፋን ምቕማጥ ይሰማመዮም እዩ። መብዛሕቲኡ እዋን ኣብ ብልዕትታትን ፤ ኣብ ሻምብቆ ሽንትን ኣብ ጎሮሮን ኣንፈ-መዓንጣን/መሃንቱስ ይርከቡ። እቲ ባክተሪያ ናብ ደምን ከምኡ ውን ናብ ካልእ ኣካላት ይዝርጋሕ፡ ረኽሲ ክገብር ከኣ

ይኽእል እዩ። በዚ እዋን ኣብ ኖርወይ ጆግል ዘይዝውቱር ሕማም እዩ። ነገር ግን ኣብ ካል እ ሃገራት ዓለም ብብዝሒ ተዘርጊሑ ይርከብ።

ኮንዶም ምጥቃም ካብ ተመሓላለፊ ሕማም ይከላኸል እዩ። እቲ ኮንዶም ክሳብ ጾታዊ ርክብ ዝፍጸም ክወጽእ የብሉን።

## ምልክታት (Symptomer)

ኣብ መብዛሕተኦም ደቂ ተባዕትዮ እቲ ጆግል ድሕሪ ሓደ ወይ ክልተ መዓልቲ ወይ ከኣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ምልክት የርኢ። እቲ ሕሙም ክሸይን ከሎ ቀጭቀጭ የብሎን

የቃጽሎን ከምኡ'ውን ካብቲ ሻምብቆ ሽንቲ ሙግሊ ዝመስል ብብዝሒ ይፈስስ። ኣብ ደቂ ተባዕትዮ እቲ ጆግል ኣብ ፍረ-ነብሲ ኣንተ ተዘርጊሑ ክሳብ ምምካን የብጽሕ።

ደቀ ኣንስትዮውን ከም ደቂ ተባዕትዮ ዝኣምሰለ ምልክት ክህልወን ይኽእል እዩ። ብተወሳኺ ድማ ብዙሕ ርሕማዊ ፈሳሲ ይውስኻ። እቲ ምልክት ሕማም ድኹም ዝበለ እዩ፡ ብዙሕ ግዜ ውን ሓሚመን ከምዘለዋ ኣየስተብህላሉን እየን። ደቀ ኣንስትዮ ዘይስሩዕ ወርሓዊ ጽግያት ክህ ልወን ይኽእል ። እቲ ሕማም ጆግል ናብ መተሓላለፊ እንቋቑሖ ክዝርጋሕ ይኽእል፤ ክሳብ ምምካን'ውን ክብጽሕ ይኽእል።

እንተ ድኣ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ክትወልድ ከላ ጆግል ሃልይዋ፡ እቲ ባክተሪያ ናብቲ ኣዒን ቲ እቲ ቆልዓ ብምእታው ረኽሲ ክገብረሉ ይኽእል። ኣብ ውሽጢ ዉሑድ መዓልትታት ሕክ ምና እንተ ዘይተገብረሉ ኸኣ ክሳብ ምዕዋር ከብጽሖ ይኽእል።

## መርመራ (Undersøkelse)

እቲ ጆግል ንኽምርመር ብቀጢን ዕንጸይቲ ኣብ ጫፉ ጡጥ ዘለዎ ጌርካ ካብቲ ሻምብቆ ሽንቲን ክሳድ-ማሕጸንን ከምኡውን ካብ ኣንፈ-መዓንጣን ጎሮሮን ፈሳሲ ይውሰድ። ንዘርኢ ዝኸውን ድማ ተወሲዱ ናብ ላቦራቶሪ ይለኣኽ።

## ሕክምና (Behandling)

ሕማም ጆግል ብኣንቲቢዮተካ ይሕከም። ድሕሪ ሓደ ወይ ክልተ ሰሙን ከኣ ኩሎም ንቁጽጽ ር/ንኮንትሮል ክምለሱ ኣለዎም። ከም ብሓድሽ ድማ መርመራታት ይግበር ። እዚ ከኣ ም ሕዋይካን ዘይምሕዋይካን ዘመልክት መርመራታት እዩ።

ሓደ ሰብ ድሕሪ ሕክምና ምግባሩ ቅድሚ ቁጽጽር/ዳግማይ መርመራ ተጌሩ ሓዊኻ ኢኻ ዝበ ሃል ጾታዊ ርክብ ክገብር የብሉን።

## ብነጻ መርመራን ሕክምናን (Gratis Undersøkelse og behandling)

ጅግል ሓደ ካብቶም ሓደገኛ ተመሓላፍቲ ሕማማት ምኧኑ ኣብቲ 'ሕጊ ክንክን ተመሓልላፊ ሕማም'ተገሊጹ ኣሎ። እዚ ማለት ከኣ ብነጻ ክትምርመርን ክትሕክምን መሰል ይህበካ።ሓደ ሰብ ኣንተድኣ በዚ ሕማም'ዚ ተታሒዙ ንምስኡ/ኣ ዝርከብ/ትርከብ ወይ ከኣ ቅድሚ ሕጂ

ዝነበረ/ት ብጸይቱ/ብጻያ ምሕባር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ሓኪምን ሕሙምን ነቲ ተመሓላላ ፊ ሕማም ካበይ ከም ዝተበገሰ ንኽፍለጥ ምትሕብባር ኣገዳሲ እዩ። ዕላምኡ ድማ ነቶም ብግ ብረ ስጋ ዝተረኻኸቡ ንኻልኦት ከመሓላልፉ ዝኽእሉ ንምምርማርን ንምሕካምን እዩ።